ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንኣብያተ ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎታት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ሞተር ሳይክል ፅገና ፣ፈርኒቸር ፅገና፣ካፍቴርያ ግልጋሎት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲርና ናይ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ዕገና ክዕግን ስለ ዝደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 26, 2018 ( ቅድሚ 5 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥቅምቲ 5, 2018 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:4,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ረቡዕ ጥቅምቲ 5, 2018 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ካፌን ሬስትራንትን/ ፅገና ሞተርሳይክል/ ፅገና ገዛ ኣቁሑት፡ በርን መስኮት/

ምልክታ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንኣብያተ ፅሕፈታት ከተማ መቐለ ግልጋሎታት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ሞተር ሳይክል ፅገና ፣ፈርኒቸር ፅገና፣ካፍቴርያ ግልጋሎት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲርና ናይ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ዕገና ክዕግን ስለ ዝደሊ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ እትደልዩ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ብምውሳድ ንኽትወዳደሩ ንዕድም ።

ተደለይቲ ረቓሒታት

1. ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ፣ናይ መቅረባይነት ሰርትፊኬት ዘለዎምን ከቅርቡ ዝኽእሉን ።

2. መኸበሪ ጨረታ ንሞተር ሳይክል ፅገና ብር 4,000.00 (ኣርባዕተ ሽሕ) ፈርኒቸር ፅገና 4,000.00 (ኣርባዕተ ሽሕ) ካፍቴርያ ግልጋሎት ብር 4,000.00 (ኣርባዕተ ሽሕ) ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ(cpo) ይ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ብቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን

ከተማ መቐለ ስም ከትሕዙ ዝኽእሉ ።

3. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፅኣሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ 200 (ክልተ ሚኢቲ ብር) ብምኽፋል ምውሳድ ይከኣል ።

4. ተጫረቲ መጫረቲ ሰነዶም ሓደ ኦርጅናል ምስ ሓደ ቅዳሕ በበይኑ ብምዕሻግ ከቅርቡ ኣለዎም ።

5. ጨረታ ካብ ዕለት ዕለት 25/01/2018ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 05/02/2018 ዓ/ም ዝፀንሕ ኮይኑ በዚ ዕለት ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ ሰዓት 4:00 ይኽፈት።

6. ጨረታ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ክፍሊ ቁፅሪ 34 ይኽፈት

7. ተጫረቲ ኣብ ሕድሕድ ናይ ጨረታ ሰነድ ናይ ድርጅት ማህተም ናይ ዝምልከቶ ኣካል ፊርማን ከዕርፍቶ ይግባእ ።
8. ኣብ ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከም ዝኾኑን ንቀፃሊ ውን ኣብ ናይ መንግስቲ ከይሳተፉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ከምዝግበርን ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምቲታት ምውሳድ ከምዝከኣል ክፈልጡ ይግባእ ።

9. ቤት ፅሕፈትና ድሕሪ ጨረታ ምኽፋቱ 20% ናይ ምውሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ ።

10. ዝሓሸ መማረፂ እንተተረኺቡ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

11. ኣድራሻና ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ህንፃ ጥቃ እንዳ ማርያም ጉግሳ ቤተክርስትያን ንርከብ ።

12. ንዝበለፀ መብርሂ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል ።

13. እዚ ጨረታ ብድምር ዋጋ ዝግበር ውድድር ኮይኑ ኣብ ዝርዝር ዋጋ ክፍቲ ዝገበረ ካብ ጨረታ ወፃኢዝግበር ይከውን።

0344-406747/0344-408501/0344-406839

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle